Ministry of Health, Welfare and Sport

# መግለጺ ኣንጻር ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ

ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ ብሕጊ ዘቕጽዕ ገበን እዩ።

ኩሉ ግዜ ናብ ወጻኢ ሃገር ኣብ እትገሸሉ እዋን ነዚ መግለጺ ምሳኹም ተማ ልእዎ። ኣብኡ ነዚ መግለጺ ንስድራ-ቤትኩም ወይ ቤተሰብኩም ከተርእይ ዎም ትኽእሉ ኢኹም። ብኸምዚ ድማ ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ኔዘርላ ንድ ብሕጊ ዘቕጽዕ ገበን ምዃኑን፣ ወለዲ ንጓሎም ከም እትኽንሸብ እንተድኣ ገይሮም ብማእሰርቲ ክቕጽዑ ከም ዝኽእሉን ይፈልጡ።

**ንግስነት ኔዘርላንድ**

**ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ ከቢድ ዓይነት ግህሰት ስለዝኾነ ብሕጊ ዘቕጽዕ ገበን እዩ። ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ ምግሃስ መሰል ሕጻንን መሰል ደቂ-ኣንስትዮን እዩ።**

**ኣብ ኔዘርላንድ ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ ምፍጻም ብሕጊ ዘቕጽዕ ገበን እዩ። እቲ ናይ ማእሰርቲ ፍርዲ ድማ ክሳብ 16 ዓመት ዝበጽሕ ክኸውን ይኽእል እዩ።**

## ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ ክልኩል እዩ

ኣብ ኔዘርላንድ ኩሎም ዓይነታት ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ ክልኩላት እዮም። ኣብ ኔዘርላንድ ንእትነብር ጓል ምኽንሻብ ወይ ከም እትኽንሸብ ምግባር ክልኩል እዩ። ዋላ እዚ ኣብ ወጻኢ ሃገር ዝተፈጸመ ምስ ዝኸውን እውን።

ዝኾነ ኣብ ኔዘርላንድ ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ ዝፍጽም ወይ ኣብቲ መስርሕ መጥባሕቲ ዝሳተፍ ሰብ ብሕጊ ይቕጻዕ እዩ። እዚ ንነፍስወከፍ ኣብ ኔዘርላንድ ዝነብር ሰብ ዝምልከት እዩ፣ እንተላይ መንበሪ ፍቓድ ንዘይብሎም ሰባት። ኣብ ወጻኢ ሃገር ጓሎም ዝኽንሸቡ ወይ ከም እትኽንሸብ ዝገበሩ ወለዲ ብዛዕብኡ ኣብ ኔዘርላንድ ብሕጊ ክቕጽዑ ይኽእሉ እዮም። ኣባላት ስድራ-ቤት፣ ቤተሰብ ወይ ካልኦት ሰባት እውን ካብ ኔዘርላንድ ንዝመጸት ጓል እንተድኣ ከንሺቦም ወይ ከም እትኽንሸብ ገይሮም ዋላ ኣብ ኔዘርላንድ ዘይነብሩ እንተኾኑ እውን ብሕጊ ክቕጽዑ ይኽእሉ እዮም።

# ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ ምፍጻም ናይ ማእሰርቲ ፍርዲ የስዕብ

ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ኔዘርላንድ ከም ሓደ ዓይነት ግህሰት ሕጻናት ብሕጊ ዘቕጽዕ እዩ። እቲ መቕጻዕቲ ካብ ገንዘባዊ መቕጻዕቲ ክሳብ 16 ዓመት ዝበጽሕ ማእሰርቲ ይፈላለይ እዩ። ዳኛ ቤት-ፍርዲ ድማ ንመጠን ናይቲ መቕጻዕቲ ይውስን (ዓንቀጽ 300 ክሳብ 304 ናይ ገበናዊ ሕጊ ኔዘርላንድ)።

ባዕሎም ንምኽንሻብ ናይ ጓሎም ዝፍጽሙ ወለዲ ዝለዓለ መቕጻዕቲ ክወሃቡ ይኽእሉ እዮም (ዓንቀጽ 304 ሕጡበ-ጽሑፍ 1.1 ናይ ገበናዊ ሕጊ ኔዘርላንድ)።

ወለዲ ብዛዕባ እዚ ዝስዕብ እውን ብሕጊ ይቕጽዑ እዮም:

- ነቲ ምኽንሻብ ዘዳለዉ ምስ ዝኾኑ፤
- ምኽንሻብ ንኽፍጸም ንሓደ ሰብ ዕማም እንተድኣ ሂቦም፤
- ኣብ ምኽንሻብ እንተድኣ ሓጊዞም።

ጓሎም ብምኽንሻቦም ወይ ከም እትኽንሸብ ብምግባሮም ዝተፈርዱን ናይ ኔዘርላንድ ፓስፖርት ዘይብሎምን ወለዲ ድሕሪ ደጊም ኣብ ኔዘርላንድ ክነብሩ ፍቓድ ናይ ዘይምርካብ ሓደጋ ኣለዎም።

**ምኽንሻብ ዝተፈጸመለን ኣዋልድን ኣንስትን በደል የብለንን፣ ከምኡ እውን ግዳያት ስለዝኾና ብሕጊ ኣይቅጽዓን እየን።**

## ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ ንጥዕና ሓደገኛ እዩ

ኣዋልድ ኣብ እዋን እቲ መስርሕ መጥባሕቲ ብዙሕ ደም ክፈሰን ወይ ረኽሲ ከማዕብላ ይኽእላ እየን። ከም ውጽኢቱ ድማ ብኸቢድ ክሓማን ክሞታን እውን ይኽእላ። ድሕሪ ምኽንሻብ ብጾገማት እናተሳቀያ ህይወተን ከሕልፍኦ ይኽእላ። ብኸም በዓል ቃንዛ ኣብ እዋን ሽንቲ፣ ጸገማት ወርሓዊ ጽግያት፣ ረኽሲ ሻምብቆ ሽንቲ፣ ጾታዊ ጸገማት፣ መኻንነትን ኣብ እዋን ሕርሲ ዘጋጥም ጸገማትን ዝኣመሰሉ። ኣዋልድ ክጭነቓን ናይ ራዕዲ ጸገማት ከማዕብላን ይኽእላ፣ ከምኡ እውን እዚ ኣብ ጾታዊ ርክብ ዝህልወን ተሞክሮ ኣሉታዊ ጽልዋ ክህልዎ ይኽእል። ብዙሓት ደቂ-ኣንስትዮ ብሰንኪ ምኽንሻብ ኣብ ምሉእ ህይወተን ቃንዛ ወይ ጸገማት ሒዘን ድማ ይቕጽላ።

## ስለምንታይ እዚ መግለጺ?

‘መግለጺ ኣንጻር ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ’ ኣዋልድን ወለድን ንስድራ-ቤት፣ ቤተሰብን ካልኦት ዝምልከቶም ኣካላትን ከርእይዎም ዝኽእሉ መርትዖ እዩ። ኣብቲ መግለጺ፣ ምኽንሻብ ደቂ- ኣንስትዮ ምፍጻም ብመሰረት ሕጊ ኔዘርላንድ ብሕጊ ዘቕጽዕ ተግባር ምዃኑ ተጠቒሱ ይርከብ፣ ዋላ እቲ መስርሕ መጥባሕቲ ኣብ ወጻኢ ሃገር ዝተኻየደ ምስ ዝኸውን እውን። ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ ምፍጻምን ኣብኡ ምትሕብባር ምግባርን ክልቲኡ ብሕጊ ዘቕጽዕ እዩ።

## ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮእንታይ እዩ?

ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ ሕክምናዊ ኣድላይነት ዘይብሉ ክሰኑ ኣብ ግዳማዊ ብልዕቲ ደቂ-ኣንስትዮ ዝግበር መስርሕ መጥባሕቲ እዩ።

## ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ እንተድኣ ጠርጢረ እንታይ ይገብር?

ሓገዝ ንምርካብ ምስ Veilig Thuis ርክብ ክትገብራ ትኽእላ ኢኽን (እንተደሊኽን ስምክን ከይጠቐስክን እውን)።

**ቁጽሪ ተሌፎን፡**

**0800 2000**

24/7 ብነጻ ንምርካቡ ዝከኣል)

**መርበብ-ሓበሬታ፡**

**veiligthuis.nl**

## ሓገዝ ካበይ ክረክብ ይኽእል?

ብዛዕባ ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ ወይ ብዛዕባ እዚ መግለጺ ዝኾነ ሕቶ ኣለክን ድዩ? ስለዚ ኩሉ ግዜ ምስ ሓፈሻዊ ሓኪምክን፣ Veilig Thuis ወይ ምስ ሓኪም ወይ ነርስ ናይ ማእከል ጥዕና ሕጻናት/ክንክን ጥዕና ቆልዑትን መንእሰያትን ናይ GGD ቆጸራ ክትሕዛ ትኽእላ ኢኽን።

ኣብ ከባቢኽን ዝርከብ ማእከል ክንክን ጥዕና ቆልዑትን መንእሰያትን፣ ወይ GGD ኣብ vzinfo.nl/gebiedsindelingen/preventie ክትረኽብኦ ትኽእላ ኢኽን።

ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ meisjesbesnijdenis.nl ከምኡ እውን fsan.nl/vgv ክትረኽባ ትኽእላ ኢኽን።

ብዛዕባ እቲ ዘለኽንአ ኩነታት ወይ ብዛዕባ ዝኾነ ጥርጣረ ዝፈጠረልክን ኩነታት ስምክን ከይገለጽክን እውን ክትዘራረባ ትኽእላ ኢኽን። ሰራሕተኛታት ናይ Veilig Thuis ንክሰምዑኽን፣ ከምኡ እውን ምኽሪ ንክህቡኽን ድሉዋት ኣለዉ። ንኣብነት፡ ቅኑዕ ሓገዝ ንምርካብ ናበይ ክትከዳ ከም እትኽእላ ክነግሩኽን ይኽእሉ እዮም።

ኣብ ወጻኢ ሃገር እንተድኣ ኣለኽን ኮይንክን፣ ከምኡ እውን ሓገዝ ወይ ምኽሪ ምስ ዘድልየክን ኩሉ ግዜ ምስ ናይ 24/7 ማእከል ርክባት ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ክትራኸባ ትኽእላ ኢኽን።

**ቁጽሪ ተሌፎን፡**
**(ንቡር ናይ ምድዋል ክፍሊት)**

**+31 247 247 247**

**ዋትስኣፕ [Whatsapp]፡**

**+31 68 23 87 796**

ኣዋልድ ምእንቲ ጽቡቕ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ጥዕና ዝለወን ኮይነን ክዓብያ፣ ብመንገዲ እዚ ‘መግለጺ ኣንጻር ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ’ ኣቢልና ብዝተኻእለ መጠን ካብ ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ ክንከላኸለለን ንደልይ ኢና። በዚ ንመሰል ናጽነት ምርጫ ናይ ኣንስቲን ኣዋልድን እውን ከነተባብዕ ንደልይ።

Ministry of Health, Welfare and Sport

ምክትል-ሚኒስተር ጥዕና፣ ድሕነትን ስፖርትን

Ministry of Education, Culture and Science

ሚኒስተር ትምህርቲ፣ ባህልን ስነ-ፍልጠትን

ሚኒስተር መባእታን ካልኣይን ደረጃ ትምህርቲ

Ministry of Justice and Security

ሚኒስተር ሓለዋ ሕጊ

Ministry of Foreign Affairs

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ፣

ሚኒስተር ንግዲ ወጻእን ምትሕብባር ልምዓትን

Ministry of Social Affairs and Employment

ሚኒስተር ማሕበራዊ ጉዳያትን ዕዮን

**ምኽሪ**

ነዚ መግለጺ ምስ ናይ ጉዕዞ ሰነዳትኩም ኣቐምጥዎ። ስለዚ ድማ ኩሉ ግዜ ናብ ወጻኢ ሃገር ኣብ እትገሽሉ እዋን ነቲ መግለጺ ምሳኹም ክትማልእዎ ትኽእሉ።

**እዚ ሕትመት ናይዞም ዝስዕቡ እዩ:**
ሚኒስትሪ ጥዕና፣ ድሕነትን ስፖርትን
ሚኒስትሪ ፍትሕን ጸጥታን

ግንቦት 2024